

# ሓበን ኣፍሪቃ

ሓበን እንዲኻ ሓበን ኣፍሪቃ፡
ተግባርካ ዝዛረብ ብኹሉ ቋንቋ፡
መምህር ሰላም ናይ ውጹዓት ጠብቓ፡
ዓለም እኮ ብጽንዓትካ ተደኒቓ።

ኣንታ ደላይ ሰላም ኣቦ ፍትሒ፡
ስምካ ከጸልም ዝተጠንሰ ጉርሒ፡
ፈናጢስካዮ ናይ ተንኮላት ሽርሒ፡
ሓቅኻ ደሚቁ ከም ጸሓይ ወርሒ።

ጎይታ ጽንዓን ሓለገቱ ሓቂ፡
ጉልበቱ ፍልጠቱ ዘይጽንቀቕ ስንቂ፡
ተዛረቦ መዓር ወለላ ወርቂ፡
መቓድሾ ተገሪማ ብናትካ ዕጥቂ።

ኣዋሳ ተሓጒሳ ርእያ ምስልኻ፡
ሸዋ መስኪራ ለዋህ ፍቕርካ፡
ሶማል ዘሚራ ተዘክሮ ቃልስኻ፡
ከንያ ምጸና ኢላ ከተዕልል ምሳኻ።

ወዲ ሓላል ሜሬት ውላድ ጽኑዕ ህዝቢ፡
ንስኻ ሹም ሓፋሽካ ንህቢ፡
ጅቡቲ ትሓትት ኣላ ኮትኮና ነቢ፡
ከምዘየዋጽኣ ፈሊጣ ናይ ሰባባት ምኽሪ።

ዘጸልም ዝነበረ ዝቀንኤ ብኣኻ፡
ምስ ርኣየ ጉዕዞ መገሻኻ፡
ይብል ኣሎ ኣይትስገረና በጃኻ።

-----------0-----------

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር